# ሰብ ዝሰኣነት ሰብ

ብሳሙኤል መንግስትኣብ

*“Seb ZseAanet Seb”* Anthology of Short Stories; 2008, Atlas printing press; Asmara

ምስ ዛይድ እተላለናላ መዓልቲስ፣ ከመይ እተረግመት ዕለት᾽ያ፥ እናበልኩ᾽የ ዝሓስብ። ጸሊኣያ ወይ በቺቖላ ወይ ከኣ ክፍለያ ደልየ ዘቕርቦ ዘለኹ መመኽነይታ ኣይኮነን። ጭንቀት᾽ዩ በርቲዑኒ። ኣብዛ ቅድሚ ዓይነይ፣ ብስቅያት ተበሊዓ፥ ኣናተቐንዘወት ክርእያ ከለኹ፣ ኽርጥ ኢዩ ዝብለኒ። ፍሽኽታኣ ክርኢ ከለኹ ድማ፣ እቲ ናይ ቀደም መልክዓ ቅልቅል ይብለኒ᾽ሞ፣ ንባዕ ንባዕ ይመጸኒ።

ኣነን ዛይድን ረኺብናዮ ዘለና ሽግር፣ ናብ ካልእ ኣይወረደን። እንድዒ!... ንዓይ ከምኡ᾽ዩ ዝመስለኒ። ናተይሲ ንበይኑ᾽ዩ። ስቅያት ናይ ትፈትዋ ሰብ ክትርኢ ከለኻስ ክንደይ ይኸፍእ ኢዩ! ኣብዛ ኢደይ ክትሞተኒ ቀሪባ። ወግሐ ጸብሐ ብኣኣ᾽የ ዝጭነቕ።

ተካል ሕማም ሓሚማ። ዘይምሕር ሕማም!

ኣቤት ቃንዛ! ናይ ሎሚ ንግሆሞ ንበይኑ ኢዩ። ዘስካሕክሕ ስቅያታ ተጻዊራ፥ ዓይኒ ዓይነይ ኢያ ጠሚታትኒ። ነቲ ስቅያት እቲ ካብ ምርኣይ ዋላ ትሙት ገዲፍካያ ሃጽ ምባል ይቐልል። ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ቅድሚኣ ተጸጣሕ ኢዩ ዝመጸኒ።

ሽኮሪና᾽ያ! ኣዝያ ጽብቕቲ! ዘርዚርካ ዘይውዳእ መልክዕ ምስ ውሕልነት ኢያ ተዓዲላ። ኣብ ጡባ ዝወጸታ ሕማም ንድፍቲ ግን፣ በብቑሩብ ቖራሚማ ወዲኣታ።

ዝበዝሕ እዋን ‘‘ኣታ ቢኒ ሓወይ በጃኻ... ኢደይ ጽቕጥ ኣቢልካ ሓዘኒ’’ እናበለት ዝርንዝሕ እናነብዐት ኢያ፥ ከይፍለያ ትምሕጸነኒ። ኣነ ድማ ብኣኣ ክሓስብ ከለኹ፤ ከም ዛይድ ለዋህ፣ ቅንዕቲን ተደንግጽን ፍጥረት ኣይረኣኹን ኢየ ዝብል።

ናይ ልበይ ኢየ! ከም ዛይድ ርህሩህ ሰብ የለን።

መጀመርታ ክንላለ ከለና፣ ርግምቲ፤ ጨካን፤ ኣብ ሽግር ካልኦት ሰባት ዘይትሕወስ፤ ንበይነይ በሃሊት ኮይና ኢያ ትረኣየኒ ነይራ። ደሓር ግን ኩሉ ትዛረቦን ስቕ ትብሎን፣ ካብ ስክፍታን ካብ ጭንቀትን ምዃኑ ፈሊጠ። ብፍላይ ኣብታ ኩሉ ሳዕ ክልቴና እንራኸበላ ሰድያኣን ጠረጴዛኣን ዝተፈላለየ ሕብሩ፤ ብኬሪታታ ሽራፍ እንዳ ሻሂ ኴንና፣ ብዛዕባ መጻኢ ሂወትና ከነዕልል ከለና፥ ካብ ሓድሕድ ክንፈላለ ዘይንኽእል፣ ሓንቲ ኣካል ኢና እንመስል ዝነበርና።

ሎሚ ኮይኑ ይረኣየኒ፣ ሓንቲ መዓልቲ እናበኸየት መጺኣ፥ ኩሉ ኣብ ልባ ዝነበረ ነጊራትኒ። “ስማዕ ቢኒ ሓወይ ኣነ ንዓኻ ዝኸውን ሰብ ኣይኮንኩን። ወሊደየ ንዓለም ድማ ብኹሉ ሽነኻታ ዝረኣኹዋ ሓያም፥ ሽጋራ እስሕብ፣ መስተ እሰቲ ኢየ። ንስኻ ግን ኣነ ዝሓለፍኩዎ ሂወት ዘየሕለፍካ፣ ገርሂ መንእሰይ ኢኻ። ኣነ ናትካ ክኸውን ተዓዲለ፥ ንስኻ ግን ናተይ ኣይኮንካን᾽ሞ ካብ ሎሚ ንደሓር ኣይንራኸብ። ግደፈኒ ንዓኻ ትኸውን መዘናኻ ድለ” ኢላትኒ እናበኸየት።

ኣነ ድማ “ዝያዳ ሓፍተይ፣... ኣነኮ ንፍቕሪ ደኣምበር፣ ንሕማቕ ናብራ ኣይተወለድኩን። ኣነ ካባኺ ንላዕሊ ዘፍቅራ የብለይን። ብድሕሪ ሕጂ᾽ውን፣ ኣይረክብን ኢየ። ምስ ዝሓለፈ ሂወትኪን ምስ ህሉው መንነትኪንየ ኣፍቂረኪ። እዚ ትብልኒ ዘለኺ ኩሉ፣ ይርዳኣኒ ኢዩ። እናፈለጥኩ ድማ ኣትየዮ። ሚዛን ፍቕርኺ ስለዝወሰደ ካባኺ ክፍለ ፍቓደኛ ኣይኮንኩን።... ስለዚ” ኢለ ሓሳባተይ ከይወዳእኩ ኮሊፋትኒ።

“ስለዘፍቅረካ᾽የ ክፍለየካ ደልየ። ክትህሰየኒ ኣይደለኹን። ነቶም ካልኦት ደኣ ከምኡ ዘይምበልኩዎም... ግን ፍቕርኻ ሓይሉኒ። ንዓኻ ግን ሓንቲ ካልእ ተወሳኺት ምስጢር ክነግረካ᾽የ። በዛ ምኽንያት እዚኣ ከይትጸልኣኒ ኢለ ሓቢኣልካ ኔረ። ሕጂ ግን ንዓኻ ምትላል ክጻወሮ ስለዘይከኣልኩ፣ ስቅያት ኮይኑኒ። ግን ከይትጸልኣኒ....” በለትኒ የእዳወይ በእዳዋ ጨቢጣ።

“እንታይ ፍሉይ ምስጢር ኢኺ ክትነግርኒ ሓሲብኪ? እስከ ንገርኒ” ኢለ ነተን ጽቡቓት ቡናዊ ዝሕብረን ኣዒንታ ኣትኪለ ጠመትኩወን። ንሳ᾽ውን ጠመተትኒ። ምጥምማትና ፍቕራዊ ስምዒትና ስለዝተናኸየ፥ ትጥምጥም ኣቢልና ተሰዓዒምና ከይወዳእና ብዙሕ ኣተንፈሳ ንብዓታ ፈነወቶ።

“ዝያዳይ ምቅርቲ ኣይተሻቕልኒ። ንብዓትኪ᾽ዩ ከምዘፍቅረኪ ዝገብረኒ” በልኩዋ ከናፍረይ ኣብ ከንፈራ ኣጸጊዐ።

“ቢኒ ሓወይ ተሰኪፈ እንድየ። ክትጸልኣኒ ኣይደለኹን። ክትለግበኒ᾽ውን ኣይደለኹን። ኣብ መንጎ ክልተ ምርጫታት ተቐርቂረ። ኣብ መንጎ ክልተ ዓበይቲ ድሌታት ኮይነ፣ ንሓሳባተይ ክስዕሮ ኣይከኣልኩን”

“ኣጆኺ ኣይትፍርሒ። ኣነ ብዛዕባኺ ዘይፈልጦ የብለይን። ንኹሉ መንነትኪ ተቐቢለ ኢየ፥ ምሳኺ ዝነብር ዘለኹ። እንታይ ክትብልኒ ከምዝደለኺ፣ ተረዲኡኒ ኣሎ። ካብ ኣፍኪየ ክሰምዖ ዝጽበ ኔረ። ሎሚ ድማ ጀሚርክለይ ኣለኺ። ኣጆኺ ንገርኒ” ኢለ ምስደፋፋእኩዋ፥ ነታ ዝሓስባ ዝነበርኩ ሓቂ ቶግ ኣቢላ ነጊራትኒ። እቲ ዝፈልጦ ዝነበርኩ ወረ ከምዘይኮነ ኣረጋጊጸ። ንዝያዳይ ከሐጉስ ኢለ ግን ክርትም ኢለ ስሒቐያ። ንሳ ኸኣ ኣይሰሓቕ ኣይሕርቃን ኮይና ጠሚታትኒ።

“እዚ ደኣ ሰባት ነጊሮምኒስ፣ ሓሲብ ሓሳሲበ ዝተቐበልኩዎ ኢዩ። ክሳብ ሕጂ ዘይፈልጥ ዝነበርኩ ድዩ መሲሉኪ? ኣየ ዝያዳይ ሽኮር፣ ገና ዓሻ ኢኺ ዘለኺ። ኣብታ ዘዝወጻእክላ ምሸት፣ ሰባት መጺኦም ኣብ ከምዚ ሆቴል ኣላትካ ኪድ ርኣያ ኢዮም ዝብሉኒ። ዝፈልጡኺ ሰባት ካብ ዘለኹዎ መሽጎራጉር ረኺቦም፥ እዛ ዓርክኻ ለይቲ ለይቲ ኣብ ጽርግያ ወጺኣ ሰብኡት እናገፈፈት ትሸርሙጥ᾽ያ ይብሉኒ። ገሊኦም ኣብ ባር ከምዚ ኣላትካ ኢሎም፥ ናብቲ ባር እንተዘይከድና ይብሉኒ። ኣነ ግን ኩሉ ሳዕ ካባኺ ምስተጠንቀቕኩ᾽የ። ገንዘብ ስለዘድለየኪ ዝወጻእኪ᾽ዩ ዝመስልኒ። እንተ ኣስተውዒልኪ ኩሉ ጊዜ ደገ ሓዲርኪ እንተመጺእኪ፤ ኣበይ ሓዲርኪ ኢለኪ ኣይፈልጥን ኢየ። ገንዘብ ኣድሊዩኪ ከይከውን ግን እህበኪ ኔረ። ንገለ ደልያቶ ትኸውን፥ ንጓላ ከይትሸገር ኢላ ትገብሮ ትህሉ፥ እናበልኩ ኢየ ዘመኽንየልኪ”

ንሳ ኸኣ “ኣይትሓዘለይ ቢኒ ሓወይ ተሸጊረ ገንዘብ እናሰኣንኩ᾽የ፥ ንጓለይ መዕበዪ ኢየ ዝደሊ ኔረ። ገንዘብ ስኢነ!... ስድራይ ብዘይ ሕጊ ቆልዓ ወሊድኪ ኢሎም ምስሰጎጉኒ ዝብላዕ ስኢነ፤ ለይቲ ለይቲ ናብ ጽርግያ ክወጽእ ጀሚረ። ሰኽራማትን መንነቶም ዘይፈልጦም ሰባትን ምሳይ ሓዲሮም ትፋኦም ከራግፉለይ ደልየ ግን ኣይኮንኩን” ኢላትኒ ኣብ የዒንታ ንብዓት ዓቑሩ።

ኣነውን ኣብኡ ኢየ ረኺበያ። ሓደ ለይቲ ሰኺረ፣ ለይቲ፤ ሰበይቲ እናኣናደኹ ከለኹ ኣብ ከባቢ ሲነማ ዳንተ ጸልማት ተጎልቢባ ኣብ ሓንቲ ኣፍደገ ናይ ድኳን ደው ኢላ ረኺበያ። ርእሳ ብጸሊም ጨርቂ ሸፊና፤ ነዊሕ ጸሊም ክዳን ተኸዲና፤ ጽቡቕ ሳእኒ ወድያ፤ ኣዝዩ ክቡር ቦርሳ ተሓንጊጣ ኢየ ረኺበያ። ምሳይ ንኽትዛወር ሓቲተያ። ቅርብቲ ነይራ። ብሓደ ምስሓደርና ዝፈልጦ ወይ ክርዳኣኒ ብዘይከኣለ መገዲ ፈትየያ። ገዝኣ ክኸይድ ጀሚረ። ፍቕርና ክቕጽል ምዃኑ መብጽዓ ኣትየ። ንሳውን መብጽዓኣ ኣትያትለይ።

ኣይ ሓዳር፣ ኣይ ፍቕሪ፣ ጀሚርና ድማ ክሳብ ለይቲ ሎሚ ኣብታ ብኣናጹ ዝመልአት ቆራሪት ገዝኣ ንነብር ኣለና።

ሕስብ ከብሎ ከለኹ፣ ኣብ ዓለም ዘሎ ሽግር ብሙሉኡ ናብ ዝያዳይ እተደርበየ ኮይኑ ኢዩ ዝስምዓኒ። ብሃንደበት፣ ጌጋ መዓልቲ ውዒላ፣ ካብ ሓደ ወዲ ምስጠነሰት፤ ኣዲኣን የሕዋታን ካብ ገዛ ሰጕጎማ። ኣብ ትኣትዎ ምስሰኣነት ናብ ሓንቲ መማህርታ ዝነበረት ኣባሻውል ዝገዛውታ ጓል ከይዳ። ኣብ ኣባሻውል ድማ ሓሪሳ።

እተን ኣብቲ ከባቢ ዘለዋ ደቂኣንስትዮ ብዙሕ እዋን ከምኡ ስለዝርእያ፣ ገሊኣተን ድማ ከምናታ ሽግር ዘጓነፈን ስለዝኾና፣ ሕማቕ ከይርእያ ኢለን ተቐቢለንኣ። እቲ ንሓራስ ዝግባእ ኩሉ ድማ፣ ኣዋጺኣን ጌረናላ። ክሳብ ጓላ ትዓኩኽ ከኣ ቀለባ ክኢለንኣ። ነብሳ ምስከኣለት ነቲ ከይፈተዋ ዝኣተውኦ ስራሕ ምሂረንኣ። ንሳ ኸኣ ኣይሓመቐትን ክኢላቶ። ካብታ ሽዓ ዕለት ዝረኸበቶ ፍቕሪ ስባት፤ ምስ ድኽነት ኣቓስያ ክትነብሮ ጀሚራ። ጽምዋ፣ ስእነት ገንዘብን ጥልመት ኣቦ ጓላን ናብ ፋሉልነት መሪሑዋ።

ካብ ብስጭትን ሕርቃንን ዘናግፋ መሲሉዋ፤ ንኣመንዝራነት፣ መስተን ሽጋራን ወሲኻትሉ። ነቲ ንቑሩብ እዋን ኢላ ዝጀመረቶ ስራሕ ኣመንዝራነት፣ ስርሐይ ኢላ ተተሓሒዛቶ።

ንሂወታ ኣዝያ ኢያ ትፈርሓላ። ብዘይ መከለኻሊ ተመሓላለፍቲ ሕማማት መውስቦ፣ ምስ ዝኾነ ሰብኣይ ኣይትድቅስን ኢያ። ድሕሪ ነብሲ ወከፍ ስጋዊ ርክብ፣ ቀልጢፋ ትሕጸብ። "ዘይከውን ኮይኑኒ'ምበር ኣብ ቅድሚ ሓደጋዶ ሰብ ደው ይብል ኢዩ?" ኢያ ትብል ኔራ።

መፍትሒ ሽግርን ፍርሒን ኣጣሚራ ኢያ እትጓዓዝ። ኣብ ከምዚ እዋን ከላ ኢያ ድማ ምሳይ ተጋጢማ። ኣነ ብኾለለይ ንሳ እንጌራ ክትምእርር ተራኺብና። ንዓይ ምስሓዘት፣ ካብቲ ናይ ኣመንዝራነት ስራሕ ክትሃድም ፈቲና። ኣይኮነላን። ሽጋራን መስተን ናይ ወትሩ የዕሩኻ ኮይኖም። ኣነ ኸኣ ምስኣ ምስተጠረንፈኩ ኣደብ ገዚአ። ካብ ጓል ናብ ጓል ምንጣር ገዲፈ፣ ምስ ዝያዳይ ክነብር ጀሚረ።

ኣብዚ እዋን ፍቕሪን ምትሕልላይን ከሎና'ያ እምበኣር ዝያዳይ ሓሚማ። ኣብ ከባቢ ጫፍ ጡባ ዝወጸታ ሕበጥ ቃንዛን ዕግርግርን ኣማዕቢላትላ። ናብ ሓኪም ከይዳ ኩሉ ኣድላዪ ዝበሃል መርመራታት ምስገበረት ካንሰር ምዃና ተነጊራ። መጥባሕቲ ክትገብር ስለዝነበራ ፍርቂ ጡባ ተቖሪጻ ካብ ቃንዛ ተገላጊላ። ተመሓዩሻ ደሓን ናብራ ክንነብር ከኣ ጀሚርና።

ኣነ'ኳ ዕድል ዘይብለይ ቅርሱስ'የ መስለኒ፥ እታ እንኮ ብኣተሓሳስባ ዝተሰማማዓትኒ፣ ክወልደላ ዝወሰንኩ ሰብ ሓሚማትኒ። ከም ዝያዳይ ጌረ ዝፈተኹዋ ጓለንስተይቲ የላን። ምስ ኩሉ ሕማቓ ፈትየያ። ግን ኣደዳ ሻቕሎትን ድንጋጸን'ያ ጌራትኒ። ካብቲ ስድራይ ዝደልይዎ መገዲ ሂወት ወጺአ፥ ትሰማማዓኒ ዝሰማምዓ ሰብ መሪጸ ኢለ ተሪረ። ካብ የዕሩኽተይን ፈተውተይን ተነጺለ፣ "ምስ ሓንቲ ኣመንዝራ ይዓብድ ኣሎ" ተባሂለ። ንኹሉ ተጻሚመዮ። እቲ ዝነበረኒ ስራሕ እኹል ደሞዝ እረኽበሉ ስለዝኾንኩ ጸገም የብለይን። ዝያዳይ ድማ ካብ ጭንቀትን ሓሳብን ክትገላገል ኢለ ስራሕ ረኺበላ። ንሳውን ኣይሓመቐትን ሓጊዛትኒ። እቶም ኣመንዝራ እናበሉ ዝሓምዩዋ ዝነበሩ ኣፎም ክሕዙ ኣይከኣሉን። ኣመንዝራ ኔራ ኢሎም ሕሜቶም ቀጺሎም።

ንሳ ኸኣ መስተ ኣዝያ ኣጉዲላ። ሽጋራ ግን ንምግዳፉ ዘሸገራ ኣሰቃቒ ወልፊ ኮይኑዋ። ጓላ ኸኣ ሽግር ኣይፈጠረትልናን። ናብ ዓባያ ወሲድናያ ብጽቡቕ ኢያ ትዓቢ። እተን ብሕርቃን፣ ንጓለን ናብ ዓዘቕቲ ሽግር ዝሸመማ ኣደ፣ ብሰባት ምስለመንናየን ነታ ጓል ጓለን ተቐቢለንኣ።

ስቅያት ናይ ዛይድ ግን እናዓበየ መጺኡ። ሕማማ እናበርትዐ ምስከደ ብኩራት ኣብዚሓ ካብ ስራሕ ተሶጊጋ። ፍቕርና ኣብቲ ሓቀኛ ስጋዊ ዓለም ክቕምስል ከሎ ኣብ ልብና ኣጉላዕሊዑ። እቲ ዘይጸገብኩዎ ፍቕሪ ኣብ ልበይ ኮይኑ ኣሳቕዩኒ። ንእትድንግጸላን እተኽብራን ሰብ ምፍቃር፣ ኣዝዩ ምቁርን ኣቕንዛዊን ኢዩ።

ሓደ ሓደ ጊዜ ሰይጣን ሕሹኽ ክብለኒ ከሎ "ካብዛ ሰብ እዚኣ ረሓቕ! ሽግር ዘይብሉ ሂወትካ ምራሕ" ይብለኒ'ሞ ከይረኣኹዋ እውዕል። ኣቤት ክጠዓስ ከለኹ ዘጓንፈኒ ቃንዛ ልቢ! ብድሕሪኡ ኣደንግጽ ኢያ ተብለኒ።

ሕማም ንድፍቲ ክሳብ ክንድዚ ዘሳቒ ካብ ኮነ፣ ከመይ ጌረ ኣብ ጽምዋ ዓለም ራሕሪሐያ እኸይድ? ንሳ ኸኣ ኣፍቂራ ክትክእሎ መዓት ኢያ። ከይኮረየት ተረድኣኒ። "ቢኒ ሓወይ ኣበይ ደኣ ጠፊእካ? ተሻቒለ እንዶ... በል እግርኻ ተሓጸብ" ኢላ ማይ ኣውዕያ ትቕርበለይ፣ ተቀባጥረለይ። ሽዑ ኣነ ብዝገበርኩዎ እጠዓስ። ተመሊስና ድማ ናብታ ማሙቕ ፍቕርና ንምለስ። ሕሽ ክብላ ከሎ መስተን ሽጋራን ትውስኸሉ'ሞ፣ ከም እንደገና ኣነ ሓሪቐ ክርሕቓ እፍትን።

ጊዜ እናነውሐ ብዝኸደ ስቅያታ ከቢዱ።
ዘይሓልፍ በደል ናብራ!

ሆስፒታል ኣትያ፥ መጥባሕቲ ጡብ ጌራ፥ ነታ ተሪፋ ዝነበረት ሓግሒጎም ኣልጊሶምላ። ኣካል ዝያዳይ እናጎደለ ምስከደ ሓልዮተይ ከኣ ዛይዱ። ኣነን ንብዓታን ኢና ካብኣ ዘይንፍለ ፈተውታ።

"ሽጋራ ግደፍዮ" ዝብል ኣርእስቲ እቲ ቀንዲ ዘጨቓጭቕና ጉዳይ ኮይኑ። እቲ ወልፊ ግን ካብኣ ክፍለ ኣይከኣለን። ተረባሪብና። ቃንዛ ክብርትዓ ከሎ ኣብ ኢደይ ወዲቓ "ኣንታ ቢኒ ሓወይ እንታየ ዝገብሮ... እውይይይ" እናበለት ክትቕንዞን ከተእዊን ከላ መፈጠረይ ኢየ ዝጸልእ። መብጽዓይ ኣፍሪሰ፣ "ስድራኣ ዘይሓለዩላ ኣነ ከመይ ጌረ እሓልየላ?" ኢለ ራሕሪሐያ ክኸይድ ቁሩብ ኢዩ ዝተርፈኒ። ደሓር ግን እቲ "ፍቕሪ ልዕሊ ኩሉ'ያ። ካብ ዝምድና፣ ዕርክነትን ፍቕርን ይበልጽ" ዝብል ኣተሓሳስባይ ዓብሊሉ ይሕዘኒ።

ንሳ ኩሉ ኩነታተይ ብኸመይ ከምትርድኦ ይገርመኒ ኢዩ። ክሓርቕ ከለኹ፤ ክጭነቕ ከለኹ፤ ክጠዓስ ከለኹ፤ ብኸመይ ፈላልያ ከምትርድኦ ይገርመኒ ኢዩ። ሓደ መዓልቲ ንግሆ ትስእ ኢለ፥ ደሓን ወዓሊ ከይበልኩዋ ገጸይ ኣጸዊገ ስርሐይ ከይደ። ብዝገበርኩዎ ተጣዒሰ። ፋዱስ ምስኮነ ዘድልያ ፍሩታታትን ምግቢን ሒዘላ ገዛ እንተኣተኹ ኣይጸንሓትኒን።

ኮፍ ኢለ ተጸብየያ። ኣይመጸትን። ሰዓት ናይ ስርሐይ ኣኺሉ ወፊረ። ናይ ድሕሪ ቐትሪ ስርሐይ ወዲአ ኣብ ካልእ ከየላገስኩ ተመሊሰያ። ሽዑ'ውን ኣይጸንሓትኒን።

ተጸብየያ። ኣይመጸትን። ከይመጸት ሓዲራ። ንግሆ ተሲአ ከናድያ ውዒለ። ኣይረኸብኩዋን። ንዓኣ ክደሊ ኣብዘይኣተኹዎ ኣይነበረን። ሰለስተ መዓልቲ ደልየ ምስቀበጽኩዋ፣ ባዕላ ገፊፍ እናበለት ገጻ ተባላሽያ፤ ሓሙኽሽቲ መሲላ መጺኣ። "ኣበይ ቀኒኺ!" ኢያ ኔራ ቀዳመይቲ መንጸርጸሪት ሕቶይ።

"ኣይከኣልኩን!... ካባኻ ተፈልየ ምንባር ኣይተጻወርኩዎን። በቃ ነጻ ክገድፈካ ወሲነ ኔረ፥ ግን ካባኻ ክፍለ ኣይኮነለይን። ናፊቐካ!" ኢላትኒ ብድኻም ተሰኒፋ።

"ካባይ ክትፍለዪ ደሊኺ?... እንታይ በዲለኪ?"

"ኣይበደልካኒን። ኣነየ በዲለካ" ርእሳ ኣድኒና።

"ኣነ እንታይ ኣጉዲለልኪ? ንዓይ ካብ ስራሕ ከተባኹርኒ ደስ ኢሉኪ?... ሕጂ ካብ ስራሕ እንተተባሪረ ጽቡቕ?!" ክቕጽል ኣይከኣልኩን። ሕርቃነይ ኣይዘሓለን።

“ኣታ ቢኒ ሓወይ… ሕቖፈኒ’ሞ ኣብ ሕቑፎኻ ኮይነ ክነግረካ። ናፊቐካ ቀንየ” በለትኒ ሕንቕንቕ እናበለት።

ኣይጨከንኩላን።

“ስለዘሸገርኩኻ ተበሳጭየ። ኣብ ርእሲ ሽግሩ ሽግር ኮይነዮ ኢለ ካባኻ ክፍለ ፈቲነ። ግን ኣይኮነለይን። ናፊቐካ!” ኢላ ክትቅጽል ኣይከኣለትን። ንብዓት ካብ የዒንታ ፈሲሱ።

‘እዋይ ዝያዳይ ዝያዳ ሽግር ተሓንጊጣ ትነብር ዘላ ሰብ!’ ኢለ ካብኣ ከይፍለ ንነብሰይ መብጽዓ ኣትየላ።

ትማሊ ሰንበት፣ ንግሆ ተሲኣ ፍሽኽ ምስበለትኒ፥ ኩሉ መልክዓ ክረግፍ ከሎ ዘይረግፋ ጽቡቓት የዒንታ፤ ከም ጨራታት ከዋኽብቲ ደሚቓ ተራእያትኒ። ሓንቲ ዘይገደፍናያ ባህሊ ክልቴና ንግሆ ትስእ ምስበልና ምስዕዓምያ።

“ቢኒ” ኢላትኒ ተገዲሳ።

“ሓፍተይ” ኢለ ምስመለስኩላ ሕቖፍ ኣቢለያ።

ኣውያታ ኣሰንቢዱኒ። “ኡውይይይ!… ጎዲእካኒ!” ኢላ ኩምትር ኢላ። ስቅያታ ኢዩ እቲ ቖንዲ ዕንቅፋት። ሰንቢደ!… ቃንዛኣ ኣብ ውሽጢ ኣካላተይ ተነዚሑ፤ ኣቖንዚዩኒ።

“ኣይትሓዝለይ ዝያዳ” ኢለ ስቕ ኢለ።

“ደሓን ቢኒ ሓወይ” ኢላ ተዓሚታ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ሕሽ ምስበለላ “ቢኒ ክልእከካ ደልየ” ኢላትኒ።

“ሕራይ” መሊሰላ ተሸጊረ ቀልጢፈ ተሲአ ክዳውንተይ እናተኸዳደንኩ።

ኣብ የማናይ ኩርናዕ ናይታ ዓራት ተጸጊዓ ናብ ዝነበረት ሳንዱቕ እናኣመልከተት፣ “እታ ሳንዱቕ ክፈታ” ኢላትኒ። ከፊተያ። ኣብ ውሽጣ ንዘላ ካልእ ንእሽቶ ሳንዱቕ ናይ ማሕበር፣ ከቕብላ ሓቲታትኒ። እቀቢለያ። ኣብ ጸጋማይ ኢዳ ብፈትሊ ተኣሲራ ብዝነበረት ንእሽቶ መፍትሕ፣ ልኬቶ ናይታ ንእሽቶ ሳንዱቕ ምስከፈተቶ ክኣምኖ ዘይከኣልኩ ነገር ርእየ። ኣስታት ሓምሳ ግራም ዝምዘን ወርቂ ስተሊኒን ጎባጕብን ምስ ካትሙ ኣውጺኣ ኣትሒዛትኒ። ናይ ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕን ገለ ኣማኢትን ዘለዎ ናይ ባንኪ ደብተር ከኣ ኣረኪባትኒ። ስንባደይን ምግራመይን ክቆጻጸሮ ስለዘይከኣልኩ “እንታይ ኢዩ እዚ?” ሓቲተያ።

“እዚ ገንዘብ ንዓኻ ኢዩ። ናተይን ናትካን ኢዩ። ፍርቁ ምሳኻ ከይተላለኹ፣ ንብሰይ የሕሲረ መመርዓዊ ዓለይ ክኾነኒ ዝኣከብኩዎ ኢዩ። ገሊኡ ኸኣ ካብታ ሓዳር ዝጀመርናላ ዕለት ኣትሒዘ፣ ንገለ ክኾነና ኢለ ካብቲ ትህበኒ ዝነበርካን ኣነ ዝሰራሕኩዎን ዝኣከብኩዎ ኢዩ። እዚ ወርቂ ኸኣ፣ ድሕሪ ሸዊታ ዓለይ ምውላዳ ንመርዓይ ኢለ ብሕሱር ዋጋ ካብ ሓንቲ ሰበይቲ ዝዓደግኩዎ ኢዩ። ኣቦ ሸዊታ ዓለይ ምስጠለመኒ ግን ኣቐሚጠዮ። ክርእዮ’ውን ኣይደለኹን” ኢላ ኣረኪባትኒ።

“እቲ ኩሉ ንወርቂ መዐደጊ ዝኾነኪ ገንዘብ ካበይ ኣምጺእኪዮ ትሰርሒ’ዶ ኔርኪ ኢኺ?”

“እወ ኣብ ኣባሻውል እናሰራሕኩ ከለኹ ኢየ ገዚአዮ። ሓደ መዓልቲ ክንምርዖ ኢና ኢለ ተስፋ ከይቆረጽኩ ገንዘብ ኣኪበ። ደሓር ግን ከምዝጠለመኒ ምስኣረጋገጽኩ፣ መስተን ሽጋራን ጀሚረ። ነዚ ወርቂ ክገዝኦ ከለኹ መስተን ሽጋራን ኣይሰቲን ስለዝነበርኩ ገንዘብ ከዋህልል ዕድል ኔሩኒ” ኢላ ፍሽኽ ምስበለት፤ ኩነታታ ገሪሙኒ፣ ፈጢጠ ካብ ምዕዛብ ክብሎ ዝኽእል ቃላት ኣይነበረኒን። ስቕ ኢለ ጠሚተያ።

“እዚ ወርቂ እዚ ንሸዊት ዓለይ መመርዓዊኣ ይኾነካ ኢዩ። ኣነ ክመውት ኢየ። ኣኺሉኒ ኢዩ። ይርድኣኒ ኣሎ፤ ገለ ነገር መጺኡ ክትሞቲ ኢኺ ኢሉ ሕሹኽ ክብለኒ ሓዲሩ። መርዚ ናይዛ መንሽሮ ኣብ ኣካላተይ ከምተነዝሐ ሓኪም ነጊሩካ ኢዩ። ንዓይ ከኣ ይፍለጠኒ ኣሎ። መድሃኒት እንተዘይወሲደ ንኣካላተይ ዝመናጭተኒ ነገር ኣብ ውሽጠይ ኣሎ። ዓለይ ኣብ ትሕቲ እምነት ናትካ ኢየ ክሓድጋ። ዓል’የ ወሊደ፥ ከምናተይ ሽግር እንተኣጓነፋ ንስኻ ኢኻ ሓላፍነታ። እቶም ጨካናት ስድራይ ክሰጉዋ ይኽእሉ ኢዮም። ንስኻ ግን ሓደራ ከም ኣቦን ከም ኣደን ኮንካ የዕብያ። እዚ ዝህበካ ዘለኹ ሓደራ ድማ ንዓለይ ኣረክባ። እዚ ገንዘብ ከኣ ንገለ ይጠቕመካ ኢዩ። እንተወሓደ ምስሞትኩ ንመቓብረይ ይኾነካ ኢዩ። ክብረት ይሃበለይ፣ ቢኒ ሓወይ። ካብ ኩሎም ሰባት ዝሰኣንኩዎ ፍቕሪ ካባኻ ረኺበዮ” ካብዚ ንኤው ክትቅጽል ኣይከኣለትን። ንብዓታ ኣብ ጎሮርኣ መሊኡ ብዓይና ክፈስስ ምስጀመረ ከይትጉዳእ እናተጠንቀቐት በታ ሓንቲ ሽነኽ ኣፍልባ ኣብ ኣፍልበይ ተሓቚፋ ፊቕ ኢላ ነቢዓ። ልበይ ምስ ልባ፣ ኣብ መመዕቆቢአን ኮይነን ብተረግታ ተረዳዲአን። ‘ከይትጠልምኒ’ ኢላታ ልቢ ዛይድ ንልበይ። ልበይ ድማ መብጽዓኣ ተቐቢላ ‘ኣይጠልመኪን ኢየ’ ኢላታ።

ኩሉ ምርድዳእና ወዲእና ምስኣባበድኩዋ፤ ከመይ ዝበለት መስኪን ፍጥረት ምዃና እናሓሰብኩ ነቲ ዘጓነፋ ኩሉ ዘርዚረ ኣብ ሕልናይ ምስሓሰብኩዎ “ሰብ ዝሰኣነት ሰብ” ካብ ምባል ሓሊፈ ዝምልኦ ኣይነበረኒን። ስቅያት ኣካላታ እናሓየለ፣ ብሓደ ምንባርና ከኣ ናይ መወዳእታ ጊዜኡ እናተቓረበ ከምዝከደ ምስተረዳእኒ፤ ዝደንዘዘ ኣእምሮይ ብዝያዳይ መሊአ፥ መዓልቲ ሕልፈታ እጽበ ኣለኹ።

ዝያዳይ፣ ዝሃበትኒ ምህሮ ግን ንዘንትእለት ዘይርሳዕ ትዕድልቲ ፍትሓውነት ኢዩ።

## ገንዘብ ኣዳደይ

**ሳሙኤል መንግስትኣብ**

Not published, written in 2010

also written for screen in 2018 to be done in a short film form

ኣዳደይ ኣብቲ እንዳ ዓሚለይ ኢሉ ዝሓዞ እንዳ ካቲካላ ከይኣተወ ኣይውዕልን ኢዩ። እቶም ብካቲካላ ኣምዑቶም ሓሪሩ ኣብ ዓንግሬብ ተገምሲሶም መረቕ ‘ከዋርዕ’ ዝጽበዩ ዝነበሩ፣ ድቃስ ክሰልቦም ተቓሪቡ ኢዩ። ሽታ ቃሬት ናይቲ ኣብ ሃልሃልታ ሓሪሩ ኣጽፉሩ ክምሖ ዝጥበስ ዝነበረ ሾኾናታት ኣጣልን ኣባጊዕን ነቲ ከባቢ ዓብሊኹዎ ኢዩ። ገና ጾግሩ ተማሕዩ ኣብ ድስቲ ዘይኣተወ ከዋርዕ ደንጉዩዎም ምምጻእ ናይ ኣዳደይ ከቋምቱ ጀሚሮም።

ኣዳደይ, ጨጎራ፣ ሽጕርቲ፣ ኮሚደረ፣ ጉዕ በርበረ፣ ጨው፣ ባኒ፣ ካራ ዝሕዘላ ብመሸማዕ እተሰርሐት ሳንጥኡ ተሰኪሙ 'መዓልኩም' ኢሉ ክኣቱ ከሎ ዳርጋ እቶም ዓማዊል ናይ ካቲካላ ብትሕጓስ ኢዮም ዝቕበሉዎ። እተን ሰብ ገዛ ከኣ መምተሪን ካራን እንተኣውጺኡ ጓህሪ ዝመልአ ፋርኔሎን መበረኺን ኢየን ዝቕርባሉ። ካቲካልኡ እናሰተየ ጽብቕቲ ጸብሒ ጨጎራ ምስሰርሐ ዝደለየ ምስኡ'ዩ ዝበልዕ።

እቲ ብዘይ ኣባንጋላ ዘይንቀሳቐስ ሊቪንግስቶን 'ኣብ ማዕዶ ዘለኺ ፍቕረይ ቅልቅል እባ በሊ' እናበለ ከደርፍ ከሎ ቃናኡ ልብኻ ኢዩ ዝበልዕ። ዮርዳ ጓል ኣስመራ ዋላ ነቲ ቛንቛ ኣይትረዳኣዮ ክሳብ ኣዳደይ ጨጎራ ሒዙ ዝመጽእ ብቃላት ናይቲ ወናም ደራፋይ ኢያ ምስቲ ቅኒት ኣባንጋላ ኣሰንያ ነቲ ሕሉፍ ሂወታ ትፍትሽ።

ተጸበይቱ እንታይ ኮይኑ ከምዝደንጎየ ኣይተረድኦምን። ኣብ ሃልሃልታ ኣትዩ፣ ጨራዕራዕ እናበለ ዝነድድ ዝነበረ ጨጉሪ ናይቲ ሽኾና ምስቲ ኣብ ከስዐኦም ዝኣቱ ኣልኮል እናኣመሳሰሉ ብትጽቢት እናኣማዕደዉ ከለዉ ኣዳደይ በቲ ጎርናዕ ድምጹ 'መዓልኩም' ኢሉ ኣተው'ሞ ብታሕጉስ ተቐበሉዎ።

ሳንጣ ኣዳደይ ዘይከምቀደማ ትርንዕ ዝበለ ነገር ዝሓዘት ኢያ ትመስል። ኣብ የእዛና በትሪ የእትዩ ንድሕሪት ዘንጠልጥላ ዝነበረ ሳንጣ የእዛና ዓምጺጹ ኢዩ ምኻድ መሪጹ። ነብሱ ደሮና መሊኡ ምስመጸ ኩሎም እንታይ ከምዝወረዶ ንምፍላጥ ተሃንጥዮም። ቅድሚ ኩላቶም ግን ዮርዳ ኢያ እናሰሓቐት ሓቲታቶ።

"ኣዳደይ እንታይ ደኣ ካብ መቓብር ዝወጻእካ መሲልካ?" በለቶ በቲ ዝመዓንቶ ካቲካላ ጨጎራኣ እናሕረረት ሰሓቕን ነዲ ካቲካላን ሓዋዊሳ።

"ናብ መቓብር ከይደ ስለዝነበርኩ" ኢሉ ብሓጺር መሊሱላ።

"እሞ ካብ መቓብር ተኾዒትካ ዝወጻእካ እኳ ኢኻ መሲልካ"

"ከምኡ ኣይኮነን ጓል ኣስመራ፣ ትማሊ ሳዕስዒት ኔሩ። ኩናማ ኸኣ ትፈልጥና እንዲኺ ነዛ ትቐብረና መሬት ክሳብ ተእዊ ኢና ንድስቓ። እቲ ካብኡ እተላዕለ ደሮና ድማ ንዓና ሓመድ የምስለና። ደቂ ሰብ ናብ ሓመድ ኢኹም ዝብለና ክመስል ኣብ ነብሲ ወከፍ ሳዕስዒት ኣብ ነብስና ይንስነስ"

እቲ ብዙሕ ዘረባ ዘይፈቱ ግን ናብራ ኣዳደይ ዘቕንኦ ዕባይ ሱዳን ኣንቶንዮ ኣትኩሩ ክርእዮ ድሕሪ ምጽናሕ "እዚ ኣብ ነብስኻ ዘሎ ሓመድ ግና ናይ መቓብር እምበር ናይ ሳዕስዒት ደሮና ኣይኮነን። ምናልባት ትማሊ ሰኺርካ ዝሞትካ መሲሉዎም ቀቢሮምኻ ከይኮኑ"

"ኣይኮነን። ምስቲ ካብ ዝመውት ወርሒ የሕሊፉ ዘሎ ኣባሓጎይ የዕሊለ መጺአ ክብለኩም ዲኹም ደሊኹም። ግደፉና'ስከ" ኢሉ ኣዳደይ ብታሕዋኽ መሊሱ ጭሕሙ ክሓክኽ ጀሚሩ። እዚ ማለት ድማ ዘረባ ይኣክል ማለቱ ምዃኑ ኢዩ ዝርድኦም። ኩሎም ዘረባ ኣቛሪጾም ናብ ምስታይን ትጽቢት ከዋርዕን ኣትዮም።

ስዋ'ዶ ከምጽኣልካ ካቲካላ?" ሓቲታቶ ኣሳሳዪት።

"ካቲካላ" ኢሉ ክሳብ ተምጽኣሉ ነታ መሸምዑ ኣብ መሬት ኣቐሚጡ ክኸፍታ ምስጀመረ ኩሎም ኣይተዓዘቡዎን።

ናብ ኩሎም ግልጽ እንተበለ ዮርዳን ሊቪንግስቶንን ተቐራሪቦም ኮፍ ከምዝበሉ ኣስተውዒሉ ክልቲኦም ሓዳር እንተዝገብሩ ምተሓጎሱ ሓሲቡ። እቲ ናይ ኣስመራ ተመሃሪት ከላ ትገብሮ ዝነበረት ዕላላ የደንጽዎ ኢዩ። "ኣነ ጓል ሃብታማት ኢየ" ኢላቶ ሓደ መዓልቲ።

"እንታይ ክትገብሪ ደኣ ኣብዚ መጺእኪ?" ሓቲቱዋ።

"ምስ ደቂ ትምህርተይ መስተ ምስታይ ለሚድና። ሽዑ ሓደ ዓርኪ ኔሩኒ። ተኻቲችና። ጠኒሱ። ካብ ስድራይ ሃዲመ ድማ ናብዚ መጺአ። ኣብዚ ምስሓረስኩ እቲ ዘጥነሰኒ መጺኡ ርእዩኒ። ንዕናይ ኣስመራ ኢሉኒ። ኣብየዮ። ኣብዚ ከተማ ገዛ ተኻርዩለይ ድማ ተመሊሱ። ሽዑ ኣነ እቲ ናይ መስተን ሽጋራን ወልፈይ ስለዝበርትዓኒ ምውዓለይን ምሕዳረይን ምስ መስተ ኮይኑ። እንደገና ክርእየኒ ምስምጸ ቆልዓ ደደርብየ እንዳ መስተ ምኻድ ኣመል ከምዝግብርኩዎ ኣስተውዒሉለይ። ሽዑ ውላዱ ሒዙ ኣስመራ ከይዱ። ኣነ ድማ ኣብዚ ክነብር ጀሚረ። ባረንቱን ካቲካላን ውሒጦምኒ" ኢላቶ።

ኣደንጊጻቶ።

ነቲ ገንዘብ ኣቕልቅል ኣቢሉ ሓንቲ ጥማር ኣውጺኡ ክፈቅድ ጀሚሩ። "ሎሚ ሰልዲ ስለዝኾነ ንቐደም በሉ ኣይብለኩምን ኢየ። ኣቋጽሩኒ እንተኢለኩም ድማ ክትሰርቁኒ ትኽእሉ ኢኹም። ንኹላትኩም ሓሓንቲ ካቲካላ ኣዚዘልኩም ኣለኹ። ሃብዮምስከ ምዕራፍ" ኣዚዙ ኣዳደይ። እቶም ከዋርዕ ኣይንፈቱን ኢና ኢሎም ናይ ኣዳደይ ጨጎራ ዝጽበዩ ዝነብሩ እቲ ከዋርዕ ቀልጢፉ ናብ ድስቲ ክኣትወሎም ተጸብዮም። ምዕራፍ

ከኣ ፍሽኽ ኢላ እናተቐላጠፈት ንኹሎም ረርብዒ ካቲካላ ኣብ ናይ ኮካ ጥርሙስ ሂባቶም። ምግቢ ይሃሉ ኣይሃሉ ካቲካላ ክጎድሎም ዘይደልዩ ሰታያት ተሓኲሶም። እቲ ገንዘብ ካበይ ከምዝመጸ ግን ክፈልጡ ተሃንጥዮም።

“ኣዳደይ የቐንየልና” ኢሉ፣ እቲ ‘ኣብ መዕርፎ ነፈርቲየ ዝሰርሕ ነይረ’ እናበለ ንኹሎም ብናይ ነፈርቲ ዕላል ልቦም ዝሰልቦም ኣርኣያ።

ኣዳደይ ነታ ሓንቲ ጥማር ኣብ ፍርቃ ኣጻብዕቱ የእትዩ ምቑጻር ኣቋርጽ ኣቢሉ “ጸገም የለን። ሰልዲ እንተደኣ ኣሎ ነሕዋትካ ዘይትጋብዘሉ ምኽንያት የለን። እዚኣን ከኣ ዘይ ንሎሚ መዓልቲ ኢየን፤ ምስተወድኣ ከኣ ከይደ ኣምጽእ”

“ካበይ ከተምጽእ?” ዳርጋ ኩላቶም ሓቲቶሞ።

ኣይመለሰሎምን።

ኩሎም ሰንቢዶም እቲ ንኽትቆጽሮ ከማን ሓደ መዓልቲ ዘይኣኽለካ ገንዘብሲ ብሎሚ መዓልቲ ክትውድኦ ዘይከኣል ምዃኑ ተፈሊጡዎም። ‘እታ ከይደ ኣምጽእ’ ዝበላ ሓረግ ከኣ ንመብዛሕትኦም ስሒባቶም። ብሓንቲ ጸግዒ ጥራይ ኮይኑ ዝሰቲ ኣቡኸሊል ኢሎም ዝጽውዑዎ መንእሰይ ድማ “ካበይ ዲኻ ተምጽኦ ትሽምጥጦ ዲኻ?” ኢሉ እናሰሓቐ ደጊሙ ሓቲቱዎ።

“እወ” ኢያ ኔራ እታ ንኹሎም ዘሰንበደቶም ሓጻር መልሲ። “ዳርጋ ካብ ገረብ ሽምጢጠ ኢየ ዘምጽኦ”

“ቀደም ደኣ ከምኡ ጌርካ ገንዘብ ዘይትሕዝ? ትሰርቆ ዲኻ ዘለኻ?” ሓቲቱ እቲ ካብ መስተ ምብዛሕ እተላዕለ የእዳዉን የእጋሩን ፈጥፈጥ ዝብል በዓል ካሮ።

“ኣይ… ሰረቕኩንን። ኣነሲ ኣብ ሂወተይ ምሉእ እኳ ሰሪቐ ኣይፈልጥን። ሕጂ ከኣ ዳርጋ ኣሪገ እንድየ” መሊሱሉ። “ሓምሳ ዘሕለፈ ሰብ እንተዘይሰረቐ ይሕሾ። ኣነኮ ዳርጋ ሓምሳን ሓሙሽተን ጌረረኣለኹ። ኣሽንኳይዶ ሕጂ፣ መንእሰይ ጓሳ ከለኹ ኣይሰረቕኩን”

“እሞ ካበይ ኣምጺእካዮ ደኣ እዚ ኹሉ ገንዘብ?”

ኣዳደይ ዝሓረቐ መሲሉ፣ “ናይ ስርቂ ከይከውን ስለዝተጠራጠርካ እዚ ኣነ ዝኸፍሎ ካቲካላ ኣይምልከተካን ኢዩ። ንዒ ምዕራፍ ናይዚ ወንጫር ሰብኣይ ካቲካላ ኣነ ስለዘይከፍላ ምለሲያ። እታ ዘይወድኣ ናቱ ይስተ። ንዒ ንስኺ ድማ ንዓኺ ኮካ ኣምጽኢ ነቶም ምሳይ ክበልዑ ዝደልዩ… ንዓና… ክንደይ ኣለና ኣብዚ?” ኢሉ ቆጺሩዎም።

“ንነዊሕ እዋን ብጨጎራን ከዋርዕን ስለዝተቐጥቀጥና ዓሰርተ ሓሙሽተ ቅልዋ ኣምጽእልና። በዚ ካቲካላ እዚ ክንሓርር ኣይኮናን። እንኪ ሰልዲ… እዚ ትሰርሒዮ ዘለኺ ከዋርዕ ድማ እንተኣቋረጽኪዮ ይሓይሽ። ነዚ ናይ ሎሚ ከዋርዕ ኩሉ ክገዝኦ ኢየ። ደሓር ድማ ክጉሕፎ ኢየ። እዚ ወንጫር ሽዑ እንታይ ከምዝበልዕ ክንርእዮ ኢና። ‘ቅልዋ’ዶ ይብላዕ ይብላዕ’ዩ?… ከዋርዕ ኢዩ ጥዑም፣… ኣብ በዓል ስዑድያ እኮ ሃብታማት ጥራይ ኢዮም ዝበልዑዎ’ ከኣ ይብለኒ። ሃብታም ደኣ እንታይ ዘይበልዕ ሕማቕ እንተዘይበልዕ ዶ ምሃብተመ ኢዩ?” ኣንጸርጺሩ ኣዳደይ።

ካብቲ ዝቐጽሮ ዝነበረ ምሽት ኣቢሉ ዳርጋ ርብዑ ዝኸውን በብሚእቲ ሂቡዋ። “ከይትሰርቅኒ እዚ ዝቐጽሮ ዘለኹ ናይ ዓሰርተ ሽሕ ጥማር ኢዩ። ካብዚ ዝጎደሎ እዚ ምሳኺ ዘሎ ድማ ተደሚሩ ዓሰርተ ሽሕ ይኸውን ስለዚ ነዚ ቆጺረ ምስወዳእኩ ንስኺ ክንደይ ወሲድኪ ከምዘለኺ ክፈልጥ ኢየ። ሕሳብኪ ምስወዳእኪ ድማ ማልስ ኣምጽእለይ” ኢሉ ናብ ምቑጻሩ ኣትዩ።

ኣዳደይ ስሒቑ። “ስለምንታይ እቐጽሮ ኣለኹ?… ረኣዩዎ… እዚ ኹሉ ኣብ ሳንጣ ዘሎ ገንዘብ ኩሉ ጥማር ኢዩ። ክቐጽሮ ኢየ ድማ”

“ስለምንታይ ትደክም?”

“ቅድሚ ሕጂ ገንዘብ ቆጺረ ስለዘይፈልጥ። ክሳብ ክንደይ ክቐጽር እኽእል ክፈልጥ ደልየ ኣለኹ”

“ክንደይ ዝኸውን ገንዘብ ቆጺርካ ኣለኻ?”

“ክልተ ሽሕ?” ብሕቶ ንኹሎም ጠሚቱዎም። “ሎሚ ግን እዚ ሳንጣ ምሉእ ገንዘብ ዘለኒ ሰብ ኢየ። ድሕሪ ሕጂ ዋላ ኣይቑጸር። ግና ናይ ዓለም ነገር… ድሕሪ ሕጂ ከኣ ገንዘብ ክቐጽር ኣይደሊን ኢየ ዋላ እንተበልኩ ኣይኮነለይን ኢዩ። ሂወተይ ኣብ ገንዘብ ምቑጻር ከሕልፎ ኢየ። ይገርምኩም እኳ ኢዩ…” ኢሉ ዝጀመሮ ሓሳባት ከይወድአ፣ ነቲ ኩሉ ገንዘብ ኣብ ዘለዎ ገዲፉ “ከሽይን ኢየ ሓልዉለይ። ኩላትኩም” ኢሉ እናሰሓቐ ተሲኡ ከይዱ።

ኣብቲ ሽቓቕ ኮይኑ ድማ “እርእየኩም ኣለኹ። ዮርዳ ዝያዳ ኩሎም ንስኺ ሓልውለይ” እናበለ ናብ ሃተፍተፍ ዝቐረበ ኣዘራርባ እናተዛረበ ክጠርጥ ከሎ ዝበዝሑ እናሰሓቑ ኢዮም ዝሰምዑዎ ኔሮም። መፈላለዪ ናይቲ ንሳቶም ዘለዉዎን እቲ ጉድጓድ ናይ ሽቓቕን ብተንኮበት ኢዩ።

ኣዳደይ ዳርጋ ርእሱን የእጋሩን ብማይ ተሓጺቡ ምስተመልሰ እንደገና ናብ ምቑጻር ኣትዩ። ሃንደበት ናይ ምዝንጋዕ ድሌት ስለዝመጾ "ንኹላትኩም ሓሓንቲ ሕቶ ክሓተኩም ኢየ ዘዝመለሰ ድማ ካብዚ ሰልዲ ደስ ዝበለኒ ክህቦ ኢየ። ሕጂ እዚ ዓቢ ትዕድልቲ ኢዩ። ኣብ ትሰትየሉ እዋን ስልዲ ጥራይ ኢዩ ዝጠፍእ፤ ሎሚ መዓልቲ ግን ክንዲ ተጥፍኡ ባዕሉ እቲ ሰልዲ ኣብ እንዳ መስተ መጺኡልኩም ኣሎ። ዘገርም ኢዩ። ብመን ክጅምር?"

"ብኣይ ጀምር" ኢሉ እቲ ኳኹቶ ኢሎም ዝጽውዑዎ ኣብ ጥቕኡ እንተኾንካ ብምልኻፍ ልብኻ ዘጥፍኣልካ ሽያብ ሰብኣይ።

"እሞ ንዓኻ ደኣ እንታይ ኢለ ክሓተካ ኢየ?... ባዕልኻ ሓቲትካ ባዕልኻ መልሶ። እቲ ሕቶን እቲ መልሲን ዝሳነ እንተኾይኑ ድማ ከሐጉሰካ ኢየ። እዚ ከም ባዕልኻ ስራሕ ምፍጣር ጌርካ ሕሰቦ"

"ስለምንታይ ኢዩ ኣምላኽ ሰበይቲ ዘይብሉ?" ሓቲቱ ኳኺቶ።

"እዚኣ ስገራ ምስኣምላኽ ከተባእሰና ኢኻ። ናይ ነብስና ዘይፈለጥና ዲና ናይ ኣምላኽ ክንፈልጥ። ኣብዘይ መንጠቢትና ኣይተእትወና። ካልእ ሕቶ ቀይር"

"ስለምንታይ ቆልዑ ንፈቱ?"

"ሕራይ እዚኣ ጽብቕቲ ሕቶ ኢያ። መልሳ እንታይ ኢዩ?"

"እንቁሮዖብ ስለዝመስሉ"

"ተሪፍካ ኣለኻ። ጽቡቕ ሕቶ ሕማቕ መልሲ። ከመይ ጌሩ ቆልዓ እንቁሮዖብ ይመስል?"

"እንቁሮዖብ ርኢኻ ትፈልጥ?" ሓቲቱ ኳኺቶ ናብ ኣዳደይ እናጠመተ።

ኣዳደይ ስሒቑ።

"ናይ ብሓቀይ ኢየ። ቆልዑት እንቁሮዖብ ኢዮም ዝመስሉ። ክልተ ኢዶም ኣብ መሬት ጌሮም ከንፋሑኹ ክቕረቡ ከለዉ ክትዘልል እተቐረበት እንቁሮዖብ ኢዮም ዝመስሉ። ኣብ ምኻድ ጥራይ ኢዮም ካብኣ ዝፍለዩ ንሳ ትነጥር ቆልዑ ድማ የንፋሑኹ"

"ካልእ ነብሱ ሓቲቱ ዝምልስ?"

ኣንቶንዮ ተሲኡ።

ምግቢ መጺኡ፣ መስተ ደጋጊሞም እናሰተዩ ዕላል መቂሩ። ዘዝተሓተተ ድማ ናይ ኣዳደይ ሽልማት ተቐቢሉ። "ሕጂ ሕቶ ክንገድፎ ኢና። ነቲ ዝሕተት ሰብ ሰበብ ኢዩ ዝፈጥረሉ። ኣነ ዝገርመኒ እዞም ኣብ ቴለቪዥን ወይ ኣብ ራድዮ ኣብ ጋዜጣ ንኽሕተቱ ዝኸዱስ ስለምንታይ ኢዮም ንነብሶም ኣብ ትዕዝብቲን መሸንቆቓ ሕቶታትን ዘእትውዋ። ግን ከኣ ሰብ ካብ ሕቶ ወጻኢ ክነብር ኣይክእልን ኢዩ"

ሰለስተ ፖሊስ በትሮም እናወጣወጡ መጺኦም።

"መርሓባ ፖሊስ! ኣብዚ ደኣ ካብ መዓስ ትመጹ? ኣዳደይ ብዙሕ ገንዘብ ሒዙ ኣሎ ሰሚዕኩም ዲኹም ካበይ ከምዘምጻእኩዎ ከተረጋግጹ መጺእኩም? ... ሰሪቐዮ ከይከውን እ?..." ብኣቃጫጭ እናሰሓቐ። "መን ከምዝነገረኩም ፈሊጠዮ ኣለኹ። ኮፍ እሞ በሉ እዚ ኸኣ ንዓኹም ከይትኣስሩና። ዝሰረቕናዮ ከኣ ኣይኮነን። ረጊእኩም ስተዩ" ኢሉ ካብታ ዝጀመረላ ጥማር ምሸት ምሸት ኣቢሉ ንሰለስቲኦም ሓሓሙሽተ ሚእቲ ዝኸውን ንኽቕበሉዎ ኢዱ ዘርጊሑሎም።

"ኣይንቕበለካን ኢና። ነዚ ምቕባል ናይ ፖሊስ ስነምግባር ኣይኮነን" ኢሉ እቲ መራሒኦም ዝመስል ፖሊስ። "መምጽኢና ፈሊጥካዮ ስለዘለኻ የቐንየልና። ንሕና ከኣ ኣምጽኡዎ ኢና ተባሂልና እምበር ክንሓተካ ኣይኮናን መጺእና"

ኣዳደይ ስሒቑ። የእጋሩ ኣሳፊሑ ኣብቲ ኮፍ ኢሉዎ ዝነበረ መንበር ተጠሊዑ ስሒቑ። "ኣታ ምሽ ኣነ እኸፍለኩም ኣለኹ" እናበለ ነቶም መሳትይቱ ጠሚቱዎም። "ወይ ሕደጉዎ ኢልኩም ለምኑለይ ወይ ድማ ክጋገዩ ከለዉ ሰሓቑዎም። ጉቦ መሲሉዎም እኳ'ዩ። ዘይትፈልጡ ከይትኾኑ ቀዳማይ ቀዳማይ ጉቦ ኣብ ቅድሚ ሰብ ኣይወሃብን ኢዩ። ካልኣይ ድማ ዘይበደለ ሰብ ጉቦ ኣይህብን ኢዩ። መቑሸሽ ኢዩ ዝህብ። በዚ ሎሚ'ኮ ጉቦ ብዋጋ ዕዳጋ ኢዩ ኮይኑ ዘሎ። ዝደለኹዎ እንተሂበኩም ጉቦ ኣይኮነን። ክንምሕረካ ክንድዚ ሃበና እንተኢልኩምኒ ግን ጉቦ ይኽየር"

"ተስእ ንዓናይ ብሕጊ ኢኻ ትድለ ዘለኻ። ሰራቒ!" ኢሉ እቲ ሳልሳይ ብበትሪ ክሃርሞ ትንዕ ኢሉ።

“ኣይከይድን። ኣነ ሰራቒ ኣይኮንኩን። ብሕጊ እናደለኻኒ ሕጊ ኣይተፍርስ። ብሕጊ ምጻኒ። ሕጊ'ኮ መጻወቲ ኣይኮነን። ዝንጥል ኣቢልካ ንዓይ ንኣዳደይ ኣይትደፍረኒን ኢኻ። እዚ ሰልዲ እዚ ካበይ ኣምጺአዮ ክትሓተኒ እንተደሊኻ ብሕጊ ትሓተኒ። ናተይ እንተዘይኮነ ወይ ዘይግባኣኒ እንተኾይኑ ድማ ናብቲ ዝግባኣኒ ቤት ሕጊ ትወስደኒ። ሕጂ ግን በትሪ ስለዝሓዝካ ወይ ስለዘፈራራሕካኒ ናብ ገበነኛ ኣይቅየረልካን ኢየ። ካብዚ ዝበዝሕ ሰልዲ'ውን ኣለኒ። ንዓኻ ደሊኻዮ እንተኾንካ እንካ ውሰዶ። ኣነ'ኳ ተገዲደ'የ'ምበር ዝፈተኹዎ ከይመስለካ። እዚ ኹሉ ሰልዲ እንታይ ከምዝገብሮ ኢዩ ጠፊኡኒ ዘሎ። እንካ ውሰዶ...” ኢሉ ኣብቲ መሬት ደርብዩሉ።

“ስቕ በል!” ኢሉ እቲ ፖሊስ በቲ በትሪ ሓንሳእ ኣብ መዓኮሩ ከምዘየሕምሞ ጌሩ ሃሪሙዎ።

“ኣይብልን፤ እዚ እንዳ መስተ'ዩ”

“በል ብሕጊ ንደልየካ ስለዘለና ተስእ ንዓናይ” ኢሉ እቲ ሓላፊ።

“ወረ እንታይ ኣምሲልካ ኢኻ ትወስዶ?” ነቲ ኣብ መሬት ወዲቑ ፍርቁ ተቐልቂሉ ዝነበረ ገንዘብን ወረቓቕቲን ኣርዩ ናብቲ መሸማዕ እናእተወ “እንኪ ዮርዳ ሓዚዮ እዚ ሰልዲ ምሳኺ ይጽናሕ እቲ ወረቓቕቲ ድማ ኣብ ዘድለየኒ ጊዜ ትህብኒ ኣብ ጽቡቕ ኣቐምጢዮ። ምስዞም ተሃራረምቲ በጺሐ ክመጽእ ኢየ። ኣብኣ ምስበጽሑ ግን ኣይሃረምናዮን ክብሉ ኢዮም። ምህብታመይ ኣገሪሙዎም። ንሓንቲ ደቒቕ ምህብታም ከሊኣምኒ። ሃብታም ኣብ ዓበይቲ ሆቴላት ጥራይ ድዩ ክዘናጋዕ ዘለዎ? ዘገርም እኳ'ዩ ኣብቲ ዓበይቲ ሆቴላት ገንዘብ ከፍስስ እንተዝርእዩኒ ሕጂ ካበይ ኣምጺኡዎ ኣይምበሉን። ንዑናይ የሕዋት!” እናተዛረበ መሪሑዎም ኣፍደገ ናይቲ ካንሸሎ በጺሑ።

“ዮርዳ... ኣይትሰከፉ ክሳብ ዝውዳእ፣ ስተዩ። ብልዑ። ነዚ ትርእዩዮ ዘለኺ ሰልዲ ክንዲ ዕጽፊ ዕጽፉ ኣለኒ”

“ኣዳደይ” ኢሉ እቲ መራሒ ብተጋናሒ ደሃይ “ተማላኣዮ። ኣብዚኣ ሓንቲ ገንዘብ ኣይትገድፍን ኢኻ”

እቶም ካብ ኣዳደይ ገንዘብ እተቐበሉ ድማ ነተን ካብ ኣዳደይ እተቐበሉወን ገንዘብ ኣውጺኦም “እዚኣን ከኣ ምስኣን ኢየን” ኢሎም ኣረኪቦሞም።

ኣዳደይ ሓሪቑ። “ደሓን፤ ምስተመለስኩ ክንራኸብ ኢና። ሎሚ መዓልቲ ንዓይ ዝብድል 'ኣና' ብላዕ ዘይበሎ ኢዩ። ትፈልጡዎ ዲኹም ኣና? ኣምላኽ ማለት'ዩ”

መሪሑዎም ናብ እንዳ ፖሊስ ገጹ ኣቕኒዑ።

እናተታረኹ እንዳ ፖሊስ በጺሖም።

“ሕጂ ኣይትድከሙ። እንተደኣ ሓቂ ዘይተዛሪብካ ትተሃራረሙ ኢኹም ሰሚዐ ኣለኹ። ሕጂ ካብ ትቕጥቅጡኒ እቲ ሓቂ ክነግረኩም ኢየ። እቲ ክትሓቱኒ ደሊኹም ዘለኹም ፈሊጠዮ ኣለኹ። እዚ ገንዘብ እዚ ካበይ ከምዘምጻእኩዎ ኢኹም ክትፈልጡ ደሊኹም ዘለኹም። ገንዘብ እንተኾይኑ ካብዚ ዝበዝሕ'ውን ኣለኒ”

“ይሃልኻ ኣይሃልኻ ዝምልከተና ኣይኮነን። ብሕጊ ተደሊኻ ስለዘለኻ ኣምጺእናካ። ስነስርዓት ግበር። መርማሪኻ ክሳብ ዝመጽእ ድማ ከይተዛረብካ ተጸበ። ከይትንቀሳቐስ”

“ናበይ ክንቀሳቐስ?... ደሓን... እዚ ደኣ እቲ ሕቶ ዝሓተኒ ይምጻእ'ሞ ኣነ ዝምልሰሉ ከኣ ባዕለይ እፈልጥ። ... ኣበይ ኣሎ እቲ ዝሓተኒ? ኣነ ኣብዚ እዋን እዚ ካብዚ ገንዘብ እዚ ዝበዝሕ ገንዘብ ዘለኒ ሃብታም ኢየ። ካብ ሕጂ ንኔው ዋላ መንጥሉኒ። እንቋዕ እዚ ኩሉ ገንዘብ ረኣኹዎ፣ ኣብ ኢደይ ድማ ሓዝኩዎ”

“መርማሪኻ መጺኡ ኣሎ። ተበገስ!” ኢሉ እቲ ለውላው ዝመስል ፖሊስ ሒዞዎ ናብ ሓንቲ ጣውላን ክልተ ሰድያን ዘለዋ ክፍሊ የእትዩዎ።

ምስቲ መርማሪ ናይ ሰላምታን ገለገለ ናይ መንነት ሕቶታትትን ምስመለሰ ናብቲ ቁም ነገር ኣትዮም።

“እዚ ገንዘብ ካበይ ኣምጺእካዮ?”

“ናተይ ኢዩ”

“እቲ ሕቶ ካበይ ኣምጺእካዮ ኢዩ። ናትካ ድዩ ኣይናትካን ኣይኮነን”

“ካብ ኣኮይ ኣምጺአዮ”

“ካብ ኣኮኻ ብኸምይ ኣምጺእካዮ?”

“ኣብኡ ጸኒሑኒ”

“ኣበይ ጸኒሑካ?”

“ኣብታ ኣኮይ ዝበለኒ”

“ሕጂ ዘረባ ኣይተንውሕ። ኩሉ ብዝርዝር ንገረኒ። ዘይበርሃለይ እንተሎ ኣብ መንጎ ክሓተካ ኢየ። ከመይ ከመይ ጌርካ እዚ ገንዘብ ረኺብካዮ? ወይ ካበይ ኣምጺእካዮ የዕልለኒ”

“ኣኮይ ኣብ ከባቢ ሽካት ኢዩ ዝቕመጥ ኔሩ። ንሱ ካብ ቀደሙ ካብ ኣኩኡ ዝወረሶ ገንዘብን ምስጢርን ኔሩዎ። እቲ ምስጢር ምዕዳንን ኣበይ ኣሎ እቲ ዝኸበረን ዝበዝሐን ወርቂን ኢዩ።... ስለዚ ንሱ ነቲ ወርቂ እናሸጠ ኢዩ ዝናበር። ገንዘብ ስለዘየጥፍእ ድማ እቲ ገንዘብ ኣበይ ተቐሚጡ ከምዘሎ ሓቢሩኒ። ናይቲ ዝተሸጠ ወርቂ ሰነድን ወረቓቕቲን ድማ ኣብዚ ነሃለካ” ኢሉ ነቲ ኣኩኡን ቅድሚኡ ዝነበሩ ወለዱን ዝሸጡዎ ሰነድ ኣቐቢሉዎ።

እቲ መርማሪ ነቲ ኩሉ ሰነዳት ምስተዓዘበ ሰንቢዱን ተሓጒሱን። “ኣስታት ስለስተ ሚእቲ ሽሕ ዝኸውን ገንዘብ ኢዩ ኣታዊ ኮይኑ። ነዚ ብኽንደይ ጻዕሪ ዝመጸ ገንዘብ ስለምንታይ ትዘርዎ ኣለኻ?”

“ናተይ ስለዝኾነ”

“ከመይ ኢሉ ናትካ ኮይኑ?”

“ኣኮይ ኣውሪሱኒ”

“ንሱ ኣበይ ኣሎ?”

“ሞይቱ”

“መዓስ?”

“ቅድሚ ሽዱሽተ ወርሒ”

“ስለምንታይ ደኣ እቲ ገንዘብ ሽዑ ዘይተቐበልካዮ?”

“ኣነ ወዲ ቦኽሪ ሓፍቱ ስለዝኾንኩ ንዓይ ኣውሪሱኒ። ከውርሰኒ ኸሎ ግን ‘ንስኻ እዚ ዝሰራሕናዮ ስራሕ ኣይትኽእሎን ኢኻ። ናይ ስራሕ ልምዲ የብልካን ካቲካላ ምስታይ ኢኻ ትፈቱ። ሕጂ ብዙሕ ገንዘብ ኣለካ። እቲ ገንዘብ እንተረኺብካዮ መጀመርታ ብካቲካላ ስለተጥፍኦ፣ ሰሪሕካ ከምትመልሶ ክትመሃር ኢኻ። መቐረት ገንዘብ እንተፈሊጥካ ከመይ ጌርካ ከምተምጽእ ክትፈልጥ ኢኻ’ ኢሉኒ። ኣነ ግን እቲ ገንዘብ ኣበይ ከምዘሎ ዝሃበኒ ሓበሬታ ኣይተረዳኣኒን ኔሩ”

“ብኸመይ ድዩ ሓበሬታ ሂቡካ?”

“‘ኪሽኪሽ ኣብ ዝስዕስዑሉ እዋን እቲ ምስጢር ክግለጸልካ ኢዩ። ኣብቲ ሓደ ኣባሓጎ ዝተቐብረሉ ‘ናቡላ’ እቲ ውርሻኻ ኣሎ” ኢሉኒ።

“ናቡላ እንታይ ማለት ኢዩ?”

“መቓብር ናይ ስድራ ቤት ማለት ኢዩ። ንዕኡ እንተረኺብካዮ ክትህብትም ኢኻ’ ኢሉኒ። ኣነ ድማ ክንደይ ኣባሓጎታት ክሞቱ ክጽበ? ሃላው ኢዩ እዚ ሰብኣይ ኢለ ኣይተገደስኩሉን። ደሓር ግን ኣባሓጎይ ምስሞተ ኣነ ኪሽኪሽ ኮይነ ክስዕስዕ ከለኹ እቲ መቓብር ናይ ኣባሓጎይ ናይ ስድራ ቤት መቓብር ምዃኑ ዘኪረ”

“ኪሽኪሽ እንታይ ማለት ኢዩ?”

“ደቂ ደቂ ማለት ኢዩ። እቲ መቓብር ክኣዓት ከሎ ኣብኡ ተሳቲፈ ኔረ። ኩሉ እፈልጦ ኢየ። ኣዝዩ ዓቢ ጉድጓድ ኢዩ። ኣብኡ ሰብ ኣይኣቱን ኢዩ። ሰብ ምስሞተ ዝቐብሩ ሰባት ጥራይ ኢዮም ዝኣትዉ። ኣነ ግን ለይቲ ከይደ። ሰብ ከይረኣየኒ ኣምጺአዮ። ጸልማት ኢዩ፤ ዝሓልፍ ሰብ የለን ኣዛብእ እናነቀዉ... የእዱግ እናሃደሙ ናይቲ መቓብር ህድኣት ድማ እናፍርሓኒ ከይደ። ሓንሳእ ሓንሳእ እቲ ላምፓዲና ምስኣብራህኩዎ

የዕጽምቲ እቶም ዝሞቱ ተሲኡ በእዳወይ ቀርቀብ ዘብለኒ እናመሰለኒ፣ የእጋረይ ራዕራዕ እናበለ ኣብ ኩርናዕ ናይቲ መቓብር ኣዋርቓን ዘይተእእደነ ገንዘብን ጸኒሑኒ። ሰብ እንተርእዩኒ ድማ መቓብር ደፊሩ ኢሎም ክጸልኡኒ ኢዮም። ገንዘብ ስለዝኾነ ኣምጺአዮ። ኣኮይ ከምቲ ንሱ ኣብ ሓደጋ ጉድጓድ ኣትዩ ነቲ ወርቂ ዝፍሕሮ ዝነበረ፣ ነዚ ገንዘብ እዚ ክረክብ ኣብ ጉድጓድ ከምዝኣቱ ጌሩኒ። ስለዚ ዋንነት ክስማዓኒ ኢሉ ዝገበሮ ስለዝኾነ ተሓጒሰ። ምስተወድአ ድማ በቲ ዝሃበኒ ምስጢር ኣብ ምዕዳን ወርቂ ክኸይድ ኢየ”

“ሕጂ እቲ ካልእ ገንዘብ ኣበይ ኣሎ?”

“ኣብ ገዛይ”

“እሞ ኣዳደይ ሕጂ ኩሉ እቲ ኣብ ባንኪ ከተቐምጦ ኣለካ። ስለዚ ንሕና ኣብ ባንኪ ብሽምካ ከምዝኣቱ ክንገብር ኢና”

“ኣነ ባንኪ ኣይፈቱን ኢየ”

“ክጠፍኣካ ወይ ድማ ምስ ሰኸርካ ነቲ ገንዘብ ክወስዱ ኢሎም ክቖትሉኻ ስለዝኽእሉ ኣብ ባንኪ ከተእትዎ ኣለካ”

“እሞ ኣነ ነዚ ገንዘብ ኣይመነኹዎን። ክቖጽሮ ድማ ባህ ኢዩ ዝብለኒ። ተተርኢሰዮ ኢየ ዝሓድር ዝለኹ። እቲ ገንዘብ ኣይኮነን ውርሻ ናተይ። እቲ ከመይ ጌርካ ወርቂ ትኣሪ ዝረኸብኩዎ ትምህርቲ’ዩ ሃብተይ”

“እቲ ክትመሃረሉ ዝገደፈልካ እንታይ ኢዩ?”

“ኣብ ወረቐት ጽሒፉለይ። ሓደ ሰብ ኣሎ ዓርኩ ንኣኮይ ድማ ብተግባር ክምህረኒ ኢዩ። ነቲ ወረቐት ግን ቅደዶ ስለዝበለኒ ቀዲደዮ ኢየ። እዚ ገንዘብ ከይተወድአ ከሎ ከይደ ክመሃር ኢየ። ሕጂ ኣነ እቲ ድኻ ኣዳደይ ኣይኮንኩን። ሃብታም ኢየ”

“ኣዳደይ ሕጂ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ”

“ግራሰ” ኢሉ ኣዳደይ ተሲኡ ካብቲ ገንዘብ ቁንጥር ኣቢሉ ኣብቲ ጣውላ ገዲፉሉ።

“ኣና ሜሶ” ኢሉ ፖሊስ ነቲ ገንዘብ ከይተንከየ።

“ኣና ቡቡኛሲ ካሶ” መሊሱ ኣዳደይ እናነጠረ ናብቲ እንዳ ካቲካላ ተመሊሱ።

ንሊቪንግስቶንን ንዮርዳ ጓል ኣስመራን ከመርዕዎም ድማ ወሲኑ።